**ዕለት፡ 22 ነሓሰ 2010**

***መኤረምታ፡ እዚ ጽሑፍ እዚ ኣቐዲሙ ብጉዳይ ናይ ካናዳ ፕሮፌሶር ንህዝቢ ይቕሬታ ሓቲቱ እትብል ዝነበረት ጽሕፍቲ ኣብ መወዳእታ ሳልሳይ ፓራግራፍ ጌጋ ስለዝነበረት እቲ ይቕሬታ ዝሓተተ እቲ ካናዳዊ ፕሮፌሶር ዘይኮነስ በሽር ይሳቕ ምኻኑ ተኣሪማ ኣላ። ስለዚ ኣቐዲማና ንዝውጽእናዮ ጌጋ ንኣንበብቲ ይቕሬታ ንሓትት።***

# ህዝባዊ ኣኼባ ኦክላንድ በይ-ኤርያ ብዝለዓለ ክብሪ ንሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ንኢድዎን ኣመስጊንዎን

ክብራትን ክቡራንን ኣንበብቲ ፍቕርን ሕውነትን ዝመልአ ምውቕ ሰላምታና ኣቐዲምና ነመሓላልፍ። ቀጺልና ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ምእንቲ ዲሞክራስን ፍትሕን ንምርግጋጽ ዝተኻየደ ታሪኻዊ ዋዕላን ዝተሓፍሰ ዓወታትን ካብ ወከልቲ ህዝቢ ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ናይ ዓይንን ተግባርን መሰኻኽር ስለዝኾኑ ንዝሃብዎ መግለጽን መብርህን ህዝቢ ዝሃቦ ክብርን ሞጎስን ከምዚ ዝስዕብ ይግለጽ።

ኣብ ኦክላንድ በይ-ኤርያ ብዕለት 21 ነሓሰ 2010 ዝተገብረ ህዝባዊ ኣኼባ ንሃገራዊ ዋዕላ ንዲምክራስያዊ ለውጢ ብዝለዓለ ክብሪ ንኢድዎን ኣመስጊንዎን። ወከልቲ ሽማግሌታት ናይ በይ ኤርያ ንሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ዝጸውዕዎ ህዝባዊ ኣኼባ ግሉጽን ብሩህን ዝኾነ ጸብጻብ ናይ ሃገራዊ ዋዕላ ናብዚ ዝለኣኾም ህዝቢ ዝነኣድ መግለጺ ሂቦም። ጽማቕ ትሕዝቶ ናይዚ ዝሃብዎ መግለጺ ብሓጺሩ ከምዚ ዝስዕብ እዩ። ንወከልቲ ሽማግሌታት ህዝቢ በይ ኤርያ፡ ህዝቢ ለበዋታት ኣስኒቑ እምነትን ተስፋን ኣሕዲሩ ንዝለኣኾም ህዝቢ በይ-ኤርያ ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ዝለዓለ ተግባራዊ ንጥፈታቶም ንህዝቦም ኣበርኪቶም። እዚ ድማ ኣብ ሰለማዊ ሰልፊ ኣድላዪ መደባትን ምድላዋት ምግባር፡ ኣብ ናይ ጉጅለታት ኣኼባታት መምሪሒታትን ናይ ሰለዳ ሓባሪ ጽሑፋትን ኣብ ጉጅለታት ዝተኣሳሰረ ርኽኽባትን ብምግባር ምትሕግጋዝን ምምህሃርን ኣርእዮም። ብሸነኽ ደቀንስቶዮ ብዝምልከት ካብ በይ ኤርያ ዝተወከለት ሓብትና ሰሚራ ሳልሕ ዝነኣድ ተግባራዊ ስርሓት ስለዘርኣየት ኣብ ደቀንስትዮ ክብ ዝበለ ናእዳን ምስጋናን ረኺባ። ነብሲ ወከፍ ልኡኽ ህዝቢ ብኣድማዕነት ስርሑ ከምዝካየደን ብዝቃጸል መንፈስን ድልየትን ብንጡፍ ከምዝሰርሔን ብሰፊሑ ተገሊጹ።

ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ዘሰክፍ ተባሂሉ ዝዝረበሉ ዝነበረ ጉዳይ ብሄርን ሃይማኖትን ምስ ኩሎም ብሄራትን ወከልቲ ሃይማኖታትን ገጽ ንገጽ ብግሉጽነት ድሕሪ ምምይያጥ ሰሰክፍ ዝበሃል ነገር ከምዘየሎ ኣብሪሆም። ብፍላይ ወከልቲ ናይ ብሄራት ዓፋር, ኩናማ ሳሆ ኣብሪሆም ከምዝገለጽዎ መሰል ብሄራት ኤርትራ ብምልኡ ብስርዓት ህግደፍ ተጋሂሱን ተጨፍሊቑን እዩ። መሰል ብሄረ ትግርኛ ድማ መንእሰያት ይጠፍኡን ይሞቱን ይእሰሩን ኣለዉ። መራሕቲ ሃይማኖቶም ጳጳሶም ከይተረፈ ይጭፍለቑን ይእሰሩን ኣለዉ። ብምልኡ ዓበይቶም ናእሽቶም ደቀንስትዮኦም ኣብ ዝኸፍአ ስቓይን ሽግርን ኣለዉ። ስለዚ ንመሰሎም ክትንስኡን ክቃለሱን ኣለዎም። ንሕና ዘሰክፍና ነገር እንድሕሪ ኣልዩ ዝኾነ ብሄር ንመሰሉ ዘይቃለስ ምስ ዝኸውን ጥራሕ እዩ ብምባል እውን መብርሂ ሂቦም። ወከልቲ ብሄራት ከም ዝበልዎ ንሕና ኤርትራውነትና ዘሕድገና የለን። አርትራ ድማ ክትነጻጸል ኣይትኽእልን እያ። ሃገርና ስለዝኾነት ልዕላውነታ ነኽብርን ንከላኸለሉን ድኣ'ምበር ንኤርትራ ቆሪስና ምስ መን ኢና እንነብር ወዘተ… እንዳበሉ ዝስማዕን ዘዕግብን ትንትና ሂቦም። ብጉዳይ ናይ ካናዳ ፕሮፌሶር ዝሃቦ መግለጺ እውን ኣድላዪ ከምዘይነበረን ብዕሊ እውን ዝተዓደመ ከምዘይነበረን ገሊጾም። በሽር ኢሳቕ ስለምንታይ እዚ ፕሮፌሶር ብወግዒ ከይተዓደመ ክዛረብ ተፈቒድዎ ተባሂሉ ምስ ተሓተ እቲ ጌጋ ናይ በሽር ምኻኑ ባዕሉ በሽር ስለዝተኣመነ በሽር ብዛዕባ ነቲ ፕሮፌሶር ምፍቃዱ ክልተ ግዜ ንህዝቢ ይቅሬታ ከምዝሓተተ ተገሊጹ።

ብሓፈሻኡ ኩሉ ተሳታፊ ናይ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ብሓዲስን ግሉጽን መንፈስ ብዘይዕረፍቲ ሕድሕድ ብምትሕግጋዝን ብምትሕብባርን ብምትእርራምን ስራሓቱ ብዓወት ደምዲሙ ክብሉ ወከልቲ ሽማግሌታት ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪቦም። መግለጺ ድሕሪ ምውዳእ ንሕቶታት ሰፊሕ ዕድል ተዋሂቡ። ኣከቤኛ በቢተራ ኣድላዪን ኣገዳስን ዝኾነ ሕቶታት ሓቲቶ። ንዝቐረበ ሕቶታት ኩሉ ድማ ዘዕግብን ዝወሓጥን መልሲ ተዋሂብዎ። ብምልኡ ኣኼበኛ ከኣ ብዝተዋህቦ መልሲ ብዙሕ ተሓጒሱን ተረዲኡን። ብሓፈሻኡ ከኣ ዝተወህበ መግለጽን መብርህን ኣዝዩ ዝነኣድ ኣቀራርባን ኣመላልሳን ነይሩ።

ኣብ መወዳእታ ናይ ሕቶን መልስን ኣኼበኛ በብሓደ እናተንስኤ ንሃገራዊ ዋዕላ ንድሞክራስያዊ ለውጢ ብዓቢ ክብሪ ንኢዱን ኣመጒሱን። ተጻባእቲ ናይዚ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ብዙሓት እኳ ንምፍሻሉ እንተፈተኑ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ተዓዊቱ። ተሳተፍቲ ሃገራዊ ዋዕላ ብዘርኣይዎ ሕደሕድ ምትሕብባርን ምትእርራምን፡ ብሓዲስ መንፈስ ንፍትሕን ዲሞክራስን፡ ንማሕበረ-ሰብኣዊ ክብርን፡ ንሓድነትን ንፍቕርን ሰላምን፡ ንመጀመርያ ግዜ ብዓወትን ስምምዕን ምውጽኦም ኣኼበኛ ናእዳኡን ምስጋናኡን እንዳገለጸ ብዙሕ ኣመጒሱ። ኣብ መወዳእትኡ ድማ ካብ ሕጂ ንድሓር ንሕና ንዘለዋ ውድባት ይኹና ሰልፍታት ክንቋጻጸረን ኣሎና። ከም ቅድሚ ሕጂ ዝገብርዎ ዝነበረ ገንዘብ ካባና ኣኪቦም ይኸዱ እሞ እንደገና ኸኣ ኣብ ኣኼባ ፈሺሎም ይመጹ። ስለምንታይ እንተበልና ነንነብሶም ኣንዳተኸላኸሉ ንዓና ከኣ ናብ ሓጥያቶም ተኻፈልቲ ይገብሩና። ብፍላይ መንእሰያት ሓሚቕና ኣሎና። ንሕና ኮፍ ኢልና እንከሎና ኣቦታትና ተዓዊቶም መጺኦም። ንዓና ንመንእሰያት ሕፍረት እዩ ብምባል እውን ካብ መንእሰያት ተገሊጹ።

ስለዚ ህዝባዊ ኣኼባ ናይ በይ ኤርያ ናእድኡን ሓጎስን እንዳገለጸ ንድሕሪ ሕጂ ብሓዲስ መንፈስ ንለዓል፡ ነብስና ንስራዕ፡ ንናይ ሃገራዊ ዋዕላ ኮሚሽን ኣይንጸበ፡ ሕድሕድና ንተሓጋገዝ፡ ንዝፋላሊ ዕድል ኣይንሃቦ ወዘተ.. ብምባል ንቀጻሊ ሰፊሕ ህዝባዊ ኣኼባ ናይ በይ ኤርያ ንኽገብር ብስምምዕ ተደምዲሙ። ብጸሎተ-ሰማእታት ድማ ኣኼባ ተዓጽዩ።

ካብ ሽማግሌ ህዝቢ በይ-ኢርያ